ልበወለዳዊ ድርሰት

# ኣወንታዊ ሰውራ

## ተመኩሮ ዓዲ ተኣምር

ብሃይለ ገብሩ

ሓሙሻይ ክፋል

## ድርቅና ሞይቱ

ዶክተር ተስፋ ቆሪጾም እሮማይ ክብሉ ከለው፡ ድርቅና ብሃንደበት ኣዕንቱ ቋሕ ኣበለ።ዶክቶር ተሓጕሶም ሓዲሽ ሓይሊ ረኺቡ። ሃለዋቱ ይፈልጥ ምህላው ከረጋግጹ ‘ኣበይ ከምዘለኻ ፈሊጥካ ዶ ኣለኻ ኣቶ ድርቅና?’ ኢሎም ሓተትዎ። ድርቅና ኣበይ ከምዘሎ ፈሊጡስ ‘መን’ዩ ኣብ’ዚ ቦታ ዘምጽኣኒ?’ ኢሉ ብትሑት ድምጺ ሓተተ። ዶክተር ሽዊት ከምዘምጽኦ ነገርዎ። ድርቅና ብውሽጡ ሓዘነ። ንሱ ክቐትሎ ሽዊት ድማ ከድሕኖ ዝሰርሑ እተፈላለዩ ሰባት ምኽኣኖም ዝዘከረ ይመስል።

ዶክተር ግዜ ክጠፍእ ኣይደለዩን። ንድርቅና ‘እዚ ረኺብካዮ ዘለኻ ዕድል ክሳብ መዓስ ከምዝጸንሕ ርግጸኛ ኣይኮንኩን’ ኢሎም ብግልጺ ሓበርዎ። ቀጺሎም ‘ንስድራኻ ክመሓላለፍ እትደልዮ መልእኽቲ እንተድኣ ኣልዩ ብዝቐልጠፈ ኣጽሕፈኒ’ በልዎ። ድርቅና ምስ ስድርኡ ተፋንዩ ምኺኑ ሓበሮም። ንሽዊት ቀልጢፎም ክጽውዕሉ ግን ሓተቶም። ሽዊት ተጸዊዑ መጸ።

ድርቅና ነቲ ድኹም ኣካላቱ ሓፍ ከብሎ ስለ ዘይክእል ንሽዊት ኢዱ ክሕዞ ሓተቶ። እናነብዐ ‘ይቕረ በለለይ’ በሎ። ‘ብውሳነይ ምውት ኢኻ።ብሳላ ዕድልካ ግን ብህይወት ትነበር ኣለኻ።’ በሎ።ቀጺሉ ‘ክውለድ ከለኹ ነዛ ዓለም እናበኸኹ’የ ተጸንቢረያ።ሕጂ ከኣ እናነባዕኩ ይሳናበታ ኣለኹ።’ ኢሉ ንብዓት ጸረር ኣበለ እሞ ’ኣብ’ዛ ዓለም ንሓጺር እዋን ዝነብር ገያሻይ ምኻነይ ዘንጊዐ ፡ ነባሪ ጉድኣት ኣብ ህይወተይን ህይወት ካልኦትን ፈጺመ እየ። ደኒንካ ዘይሕፈስ፡ ተጣሕስካ ዘይምለስ በደል በዲለ እየ።’ ድሕሪ ምባሉ ቅሩብ ኣዕርፍ ኣቢሉ ‘ዓዲ ተኣምር ንንጹህ ልቦም ዝጠለመ፡ ንኽቡር እምነቶም ዘሕመመ ይቕረ ክብልዎ ከምዝጽገሙ ኣይስሕቶን እየ። ዝኾነ ይኹን ግን ኣብ ክንዳይ ይቕረ ሕተተለይ።’ ትንፋስ ዝሓጽሮ ዝነበረ ይመስል።ክብሎ ዝደሊ ክብል ግን ብምሉእ ሓይሉ ይጋደል ነበረ። ቀጺሉ ‘ነብሰይ ልዕሊ ሰብ ክገብራ ኣብ ዘይቦትአ ሰቒለያ እየ።ኣብ ዘይቦትኡ እተቐመጠ ኩሉ መዓርግ ስለ ዘይረክብ፡ መዓርገይ ተቐንጢጡ ሓቀኛ ሰብኣዊ ባህርያተይ ተቐሊዑ፡ ከም ሰበይ፡ ይነብዕ፡ ይበኪ ኣለኹ።’ ኢሉ ነተን ዝርካበን ንብዓቱ ይጽንቅቐን ነበረ። ‘ካብ ሕመቐይ ክምሃር ዝደሊ፡ ካብ ስንፈተይ ተሞክሮ ክቐስም ንዝብህግ፡ ምኽሪ ኣለኒ።’ በለ ‘ከቢርኩም ክትነብሩ፡ ንደቂ ሰብን ንሓቅን ፍተዉን ኣኽብሩን። ዓለም ግዝያዊት ቦታኹም ምኻና ኣይትረስዑ።’ ድሕሪ ምባሉ ትንፋሱ ጠለሞ፡ ኣዕንቱ ምንቅስቓስ ሰኣና ከም’ቲ ዝበሎ ካብ’ዛ ዓለም እናነብዐ ብዘሕዝን ኣገባብ ተሰናበተ።

ሸዊት ብሓዘን ነብሱ ምቁጽጻር ሰኣነ። ኣነ ኣብ'ቲ ዘይድሊ ክትዕ እንተዘየእትዎ እዚ ኩሉ ኣይምተረኸበን ኢሉ ምስ ነብሱ ተበኣሰ። ዶክተር ግን ሓዚንካ ዝምለስ ነገር ስለ ዘየለ ተቐላጢፍኩም ዝግበር ግበሩ ኢሎም ኣዘዙ።ስድራ ተጸዊያም ድሕሪ ምምጽኦም ከኣ እቲ ወረ ሞሊቑ ከይነፈስ ብቕልጡፍ መርድእ ንዓዲ ክበጽሕ ወሰኑ፡ ንሸዊት ሓላፍነት ምርዳእ ተዋህቦ። ሸዊት ክእለት የብለይን እኳ እንተበለ ኩሎም ስለ ዝደፋፍእዎ ሓላፍነት ተቐቢሉ ምስ ካልኣዩ ተንቀሳቐሰ። ካብ ሕክምና መግልሒ ድምጺ ተዋሂብዎ እንታይ ክብል ከምዘለዎ እናተለማመደ ዕማሙ ክፍጽም ተዳልዩ ይጓዓዝ ነበረ።

## መንእሰያት ኣብ ሳእኒ ኣቦታቶም

ሸዊት መርድእ ከብጽሕ ከሎ ኩሉ ሰብ ኣብ ጥዑም ድቃሱ'ዩ ነይሩ። ኣውያት ሰሚዖም እተበራበሩ እንታይ ይብል ከምዘሎ ምስማዕ ሰኣንዎ። 'እዚ እዋን ዘይብሉ መርድእ ዘስምዓና ዘሎ እንታዋይ'ዩ? እንታይ ከ'ዩ ዝብል ዘሎ?' እናበሉ ሓተቱ። ከረጋግጽሎም መንእሰያት ለኣኹ።'

ወዮም እተላእኩ መንእሰያት ኣብ'ቲ ሸዊት ዝርከበሉ በሪኽ ቦታ ምስ በጽሑ፡ ሸዊት ም'ኻኑ ምስ ፈለጡ ብሰሓኽ ፈልሑ።ገሊኦም ካብ'ቶም መንእሰያት መርድእ ዘብጽሕ ዘሎ ሰብ ክሰሓኽ ኣይግብኦን ኢሎም ተቓወሙ። እቶም ደረቀኛታት ግን ንድሕሪት ክምለሱ ኣይደለዩን። ካብ ኢድ ሸዊት ነቲ መግልሒ ድምጺ መንዚዖም 'መርድእ ዘስምዕ ዘሎ ሸዊት"ዩ ሸዊት'ዩ' ኢሎም ኣወጁ። ጸኒሖም 'ድርቅና ሞይቱ'ዩ ዝብለኩም ዘሎ' በሉ። እቶም ንድምጺ እቶም መንእሰያት ዝሰምዑ ' ኣየ ሸዊት ኣብዚአ በጺሑ ዶ ነፊዑ! ዘይወግሕ መሲልዎ ነዚ ዶ ክሓልም ሓዲሩ!' እናበሉ ተገረሙ። ድርቅና ዘይመውት ፍሉይ ፍጡር ቆጺሮም ሸዊት ከካፍእ ዝብሎ ዘሎ ላግጺ ቆጸርዎ። ወዮም ደረቐኛታት መንእሰያት ከኣ እቲ ዘይምእማኖም ከይኣኽሎም ንወያ መግልሒ ድምጺ ብእምኒ ጨፋሊቖም ሰባበርዎ። ሸዊት ብሕርቅን ኩምትር በለ።

እቶም ኣተላእኩ መንእሰያት ዝገበሩ ገይሮም ኢናሰሓቑ ብነብሰ ምትእምማን ጐተት እናበሉ ይጓዓዙ ነበሩ።ሸዊት ኣብ ምንእሰያት ተስፋ ዝነበሮ ጥዑይ ሰብ እዩ ነይሩ። ስራሕን ምንቅስቓስን እዞም መንእሰያት ግን ገረሞ። ስርሖም ጸይቂ፡ ኣካይድኦም ከኣ ጐታት ስለምንታይ ከምዝኾነ ምርዳእ ኣበዮ። ኣትኩሩ እንተጠመተ ግን ዘይዕቅኖም ሳእኒ ኣቦታቶም ረጊጾም ምህላዎም ኣስተውዓለ። 'መንእሰይ ፍጡን፡ ደላይ ሓዲሽ፡ ደላይ ለውጢ ም'ኻኑ'ዩ ዝርድኣኒ፡ እዞም ዝርእዮም ዘለኹ መንእሰያት ድኣ እንታይ 'ዩ ወሪድዎም?' ኢሉ ንነብሱ ሓተተ። ንኣረጊት ሳእኒ ኣቦታቶም ስለምንታይ ከምዝበሃግዎ ደንጸዎ። 'መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ኣረጊት ሳእኒ ኣቦታቶም ኣትዮም ጐተት ክብሉ ንምንታይ መሪጾም?' እናበለ ሓሰበ።ከምዚ ኢሉ ኣብ ሓሳብ ተዋሒጡ ከሎ ግን ኣብ ጐኑ እቶም ቅኑዓት መንእሰያት ከምዝነበሩ ኣየስተብሃለን። ብሃንደበት 'ይቕረታ' ምስ በልዎ ሰንበደ።

ወዮም ቅኑዓት መንእሰያት ነታ እተጨፍለቐት መግልሒ ድምጺ ኣልዒሎም ኣረከብዎ።ሸዊት ከኣ ንቕዱስ ተግባሮም ኣመስገነ። 'ንኣረጊት ደረቐኛ ባህልን ጉድኣቱን ዘለለኹም ትመስሉ።' በሎም፡ ቀጺሉ 'ብተግባር እዞም ደረቐኛታት መንእሰያት ተስፋ

ቖሪጸ'የ ጸኒሑ። ክብረት ርኸቡ ግን ብተግባርኩምን ዘረባኹምን ንተስፋይ መሊስኩሞ ኣለኹም።' በለ። 'ንእሽቶ ክምዕደኩም ዝደሊ፡ ህይወት ምርጫ ምኳኑ እዩ።' 'መጻኢ ዕድል ዓዲ ተኣምር ከኣ ወይ እዚ ትሑት ለባም ጠባይኩም ወይ ከኣ እዚ ደረቖኛን ዓማጽን ጠባይ እዞም ኣዕንዮም ዝኸዱ መንእሰያትን ክኸውን እዩ።' 'ሓሲብኩም ተመራሚርኩም ምረጹ፡ ንምርጫኹም ከኣ ብዘይንሕስያ ተቓለስሉ' ኢልዎም ንሕክምና ገጹ ተመልሰ።

## ኣብ ቅድሚ ሬሳ ደው ዝብል ጋሻ

ሸዊት ኣብ ሕክምና ምስ በጽሐ፡ ዶክቶር ወረ ሸዊት ሰሚዖም ሰንበዱ። ሸማግለታት ዓዲ ተጸዊዖም ክመጹ ሓተቱ።ድሕሪ እዚ ባዕሎም እቲ ኩነታት ንሸማግለታት ሓበርዎም።ዓዲ ተኣምር ሞት ድርቅና ሓቂ ምኳኑ ብዕሊ ተሓበሩ፡ ኣዝዩ ከቢድ ሓዘን ከኣ ኮነ።

ሞት ድርቅና ሓቂ ምኻኑ ምስ ተረጋገጸ ዓዲ ተኣምር ንሓደ ሰብ ብዘይምጥርጣር ክንድዚ ምእማኖም ኣሕዘኖም።ኩሉ ሰብ ከኣ ኣፉ ዝሃቦ ይዛረብ ነበረ።ገሊኦም ኣብ ድርቅና ዝነበሮም እምነት ኣኸቢሮም ብዓሚቕ ሓዚኖም ነበሩ። ገሊኦም ግን እምነቶም ነክዩ ድርቅና ዝገብሮ ዝነበረ ክፋእ ክጽብጽቡ ጀመሩ።ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ምስጢራት ወጸ።ብህይወት ከሎ ብጨቕ ዘይበሉ፡ ሞቱ ምስ ኣረጋገጹ ክንድዚ ምዝራቦም ይገርም።ነቲ ፍጥረትና ክንዕቆ ዝገብረና ከምዚ ዝመስል ጠባይ ክንርኢ ከለና እዩ።ሰብ ብህይወቱ ከሎ ክትእርሞ ክትሕግዞ ቃል ከየውጻእካ ምስ ሞተ ክፉኡ እንተጸብጸብካ እንታይ ትርጉም'ዩ ዝርከቦ? 'እቲ ፍጥረትና ይገርመኒ' ዝበለ ደራፋይ ሓቁ እዩ። ፍጥረትና ዝገርም እዩ።

ኣብ ሞንጎ እቲ ሓዘን ግን፡ ሸዊት ተስኡ መልእኽቱ ከብጽሕ ደለየ።እናነብዐ 'ድርቅና ዝያዳ ዕድመ ክረክብ ነይርዎ' በለ።እቶም ዝሰምዑዎ ዝነበሩ ግን ንሸዊት ዳርጋ ጽሉል ቆጸርዎ።ንዓዲ ተኣምር ክንድዚ እተላገጸላ ሰብ ዝያዳ ህይወት ክረክብ ነይርዎ ክብል ከሎ ቅጭ ኣምጽኣሎም።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ዓበይቲ መኺሮም ብቕልጡፍ ክቐበር ወሰኑ።ኩሉ ንቐብሪ ዝኸውን ቀጥዕታት ተወዲኡ ሰዓት ቀብሪ ኣኸለ።ህዝቢ እናበኸየ ረሳ ኣሰንዩ ንመቓብር ገጹ ይኸይድ ነበረ።ኣብ ሞንጎ ግን ንኽትእምኖ ዘሸግር ጉዳይ ተረኸበ፡ ጻዕዳ ፈረስን ጻዕዳ ክዳንን እተኸድነ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚ ረሳ ደው ኢሉ ንቐባሮ ዓንቀፎም።ቀባሮ 'ኣብ ቅድሚ ረሳና ደው እትብል እንታዋይ ደፋር ኢኻ' ኢሎም ሓረቑ።እዚ ዘይተፈልጠ ደርቖኛ ጋሻ ግን ኣብ ቅድሚ ሬሳ ደው ኢሉ ንሕርቃን ዓዲ ተኣምር ብፍሽኽታ ይምልሰሉ ነበረ።

---ክቕጽል እዩ--